# ፖለቲካዊ ውሳኔታት መስራቲ ጉባኤ
# ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር።

ኩሉ ዓቕምታትና ብቕዳምነት ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ይኹተት!! ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ካብ ዕለት 23 - 26 ነሓሰ 2011 ዝተኻየደ መስራቲ ጉባኤና ብዓወት ምዝዛሙ ንኹሉ ደላይ ሰላምን ለውጥን ነበስር።

እዚ ብናይ ነዊሕ ሕድሕድ ልዝብን ምርድዳእን እናተኾስኮሰ መጺኡ፡ ብኣጋጣሚ ኣብ'ቲ ካብ ዕለት 17 - 22 ነሓሰ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ናይ መብዛሕትኦም መራሕቲ ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ሰሚናር ብዝነበሮ ተሳትፎ ዝሃብተመ መስራቲ ጉባኤና፡ ኣብ'ቲ ሰሚናር ዝተበጽሔ ናይ 6ተ ነጥብታት ስምምዕ ተገዚኡ ክኸውንን ንምዕዋቱ በርቲዑ ክሰርሕን ወሲኑ።

ብተሳተፍቲ ሰሚናር ደንበ ተቓውሞ ዝተበጽሑ ሓባራዊ ኣረኣእያታት፡-

1- ንኤርትራ ንጥፍኣት ገጹ ዝዳርጋ ዘሎ ቶታሊታርያዊ (ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ፡ እንኮ ተሓታቲ ምዃኑ ምእማን።
2- ኤርትራ ናይ ብሄር፣ ናይ ሃይማኖት...ወዘተ ፍሉይነታት ዘለዋ ሃገር ምዃና ምእማን።
3- ሽግራት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሓድነታ ዝሓለወት ደሞክራስያዊት ኤርትራ ጥራሕ ክፍታሕ ዝኽእል ምዃኑ ምእማን።
4- ኣብ ወሳንነት ህዝቢ ኤርትራ ምእማን።
5- መፍትሒ ኩሉ ሕድሕድ ሽግራትና ደሞክራሲያዊ መንገዲ፡ መሳርሕን መቃለስን ጌርካ ምእማን።
6- ትምክሕትን ጸቢብነትን ኩሉ መልክዓት ጥሩፍነትን ምንጻግ።

መስራቲ ጉባኤና፡- ውድባት ኣባላት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር(ኤደግ) ኣካል ናይ'ቲ ዝጸንሐ ናይ ምፍንጫል፣ ምብትታንን ሓሸውየን ምንባርና ብምእማን፡ ንህዝብና ይቕረ እናሓተተ፡ ደጊም ካልኣዊ ፍልልያት ብደሞክራሲያዊ ልዝብ ጥራሕ ከም ዝፍታሕን፡ ዓቕሚ ደንበ ተቓውሞ ኣብ ምጉልባት ኣዎንታዊ ኣስተዋጽኦ ክገብር ክጽዕት ምዃኑ ወሲኑ።

ብተወሰኺ፡-

- ናይ'ቶም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወርዱ ዘለዉ ብሄራዊ፣ ሃይማኖታውን ካልኦት ኩሎም ወጽዓታትን እንኮ ተሓታቲ ኢሰያስን ጉጅለኡን ጥራሕ ምዃኖም ብምርግጋጽ ብኹሉ መዳያዊ ቃልሲ ነዚ ስርዓት'ዚ ንምውጋድ ክቃለስ ወሲኑ።

- ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ሓደ ካብ'ቶም ቀንዲ ዕማማቱ ምዃኑ ብምእማን፡ ንምዕዋቱ ብኹሉ ዝከኣሎ ክጽዕት ወሲኑ።

- ምስ ኩሉ ክፍልታት ሕብረተሰብና ብሓፈሻ፡ ምስ ምሁራትን ሲቪክ ማሕበራትን ከኣ ብፍላይ፡ ብቐረባ እናተዛተየ ዓቕምታት ደንበ ተቓውሞ ተጠርኒፉ ኣድማዒ መታን ክኸውን ተግባራዊ ስጉምትታት ክወስድ ወሲኑ።

- መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ቃልሲ ዝህልዎም ተሳትፎ ንምብርታዕ ዘለዎ ዕዙዝነት ብምእማን ብደረጃ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝተሓዝ ቦታ ሓዚኡሎም ክጸንሕ ወሲኑ።

- ብሰንኪ ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራት ብሓፈሻ፡ ምስ ኢትዮጵያ ከኣ ብፍላይ፡ ተበላሽዩ ዝጸንሐ ዝምድናታት ንምምሕያሹን ናብ ንቡር ንምምላሱን ኩሉ ዝከኣሎ ክገብር ምዃኑ ወሲኑ።

- ኣብ ልዕሊ ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ህግደፍ ተወሲኑ ዘሎ ማዕቀብ፡ ንህዝብታትና ከምዘይጎድእ ብምእማን፡ ዝያዳ ክተርርን ተግባራዊ ክኸውን ክቃለስ ወሲኑ።

- ኣብ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር(ኤደግ) ተጠሚሮም ዘለዉ ውድባት ተገዛእቲ ናይ'ቲ ዝተበጽሐ ፖለቲካዊ ውሳኔታትን መድረኻዊ ዕማማትን ክኾኑ ወሲኑ።

- ውሽጣዊ ሰብኣዊ ዓቕምታት ውድባቱ ንምሕያል ዘለዎ ተደላይነት ብምግንዛብ፡ ብኣረኣእያን ብተግባርን ኩሉ መዳያዊ ጻዕርታት ክገብር ወሲኑ።

- ኣብ ግንባርና ክሳተፉ ንዝደልዩ ተቓለስቲ ሓይልታት፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ብማዕረ ተሳትፎ ዝቕበል ፍትሓዊ ፖሊሲ ክኽተል ወሲኑ።

- ጉዳይ ስደተኛታት ኤርትራ ልዑል ኣቓልቦ ብምሃብ ብቐረባ ክከታተሎን ነቲ እናሓደረ ዝዓቢ ዘሎ ዋሕዚ ሓደስቲ ስደተኛታት፡ ዓለም ለኻዊ ኣቓልቦ ክረክብ ኩሉ ዝከኣሎ ክገብር ወሲኑ።

ኣብ መወዳእታ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ምቕባል፣ ናብርኦም ንምምሕያሽን ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዕድላት ኣብ ምኽፋትን ዝገብሮ ዘሎ ኣዎንታዊ ተግባራት ብምምስጋን ደንበ ተቓውሞ ኤርትራ ካብ ተሸኺልዎ ዝጸንሐ ናይ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ጸገማት ወጺኡ ሓንቲ ዝሰመረት ኤርትራ ኣብ ምምስራት ሓደ ኣንፈት ሒዙ ንኽቃለስ ንዝህቦ ዘሎ ሓገዛት ዓቢ ምስጋና ዝግበኦ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

*ፖሎቲካዊ ውሳኔታት መስራቲ ጉባኤና ንምዕዋት ንቃለስ!!*
*ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ክንቃለስ ኢና!!*
*ክብርን ዝኽርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!!*
*መስራቲ ጉባኤ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር፣*
26 ነሓሰ 2011